ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ኣስገደ ፅምብላ ኣብ በጀት ዓመት 2011 ዓ/ም ብናይ ኤስዲጂ በጀት ንቤት ፅሕፈት ሃፍቲ ማይ መዓድንን ኢነርጂን ግልጋሎት ዝዉዕል ዓብይ ናይ ማይ ሞተር ፓምፕ ኤሊጌሽን ፣ ብናይ መደበኛ በጀት መለዋዋጢ ኣቅሑ መኪና፣ ንቤት ፅሕፈት ፖሊስ ግልጋሎት ትውዕል ሞተር ሳይክል፣ ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።ስለዚ ነዞም ረቋሕታት እተማልኡ ነጋዶ ንክትወዳደሩ ንዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ የካቲት 20, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መጋቢት 7, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:በቢሎቱ ዝተፈላለየ
- ቦታ:ኣስገለ ፅምብላ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መጋቢት 7, 2011 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሸከርካርቲ/ ኤሌክትሮ-መካኒክስ ኣቁሑትን ግልጋሎትን/ ዕድጊት ሞተርሳይክል/ ቅፋሮ ማይ ኢንጂነሪንግ ማሺነሪ, ኣቁሑትን ኣክሰሰሪ/

1 ሕጋዊ ንግዲ ፈቃድ ዘለኩም ግብሪ መንግስቲ ከፊሉ ናይ 2011 ዓ/ም ንግዲ ፍቃድ ዝሐደሰ መለለይ ቁፅሪ ከፈልቲ ግበሪ ዘለኩምን፤

2 ኣብ መቅረብቲ ዝርዝር ዝተመዝገበ ዝሐደሰን፤

3 ኣብ ተወሳኪ እስት ታክስ ተመዝጋቢ ኮይኖም ናይ ወርሒ ጥሪ 2011 ዓ/ም ዝከፈልሉ መረዳእታ ከቅርቡ ዝክእል፤

4 ኩሉ ዝተሐተተ መረድእታ ዋናን ቅዳሕን ከቅርቡ ዝክእሉ ዝተማልአ ሰነድ ጨረታ ብፖስታ ዓሺጉ ከቅርብ ዝኽእል፤

5 ተጫረቲ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ ናይ ጨረታ ዉሕስና ወይ መከበሪ ቢድቦንድ ንሞተር ፓምፕ 15000.00 (ዓሰርተ ሓሙሽተ ሽሕ) ቅርሺ ፣ንናይ መኪና ኣቅሑትን ሞተር ሳይክልን እትወዳደሩ ድማ 5000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ) ቅርሺ ብስፒኦ ከትሕዝ ዝክእል

6 ተጫረቲ እዚ ምልክታ ካብ ዝተጋወሐሉ ዕለት ንሕድሕድ ሰነድ ዘይምለስ 50.00 ቅርሺ ብምክፋል ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ኣብ ቤት ፅሕፈትና ከይዲ ስረሕ ዕደጋ ፋይናስን ንብረት ምምሕዳርን ብምዉሳድ ናይ ዋጋ ዝርዝር መሊኦም ኣብ ከይዲ ስራሕ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ኣታዊ ክትገብሩ ይግባእ

7 ጨረታ ክፍቲ ኮይኑ ዝፀንሐሉ ካብ 18/06/2011 ዓ/ም ክሳብ 03/07/2011 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ኣብ ዘሎ ማዓልቲታት ኮይኑ ጨረታ ሳንዱቅ ዝዕፀወሉ ድማ 07/07/2011 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ በዚ ዕለት ልክዕ ሰዓት 4:30 ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረክበሉ ኣብ ቤት ፅሕፈትና ብግልፂ ይክፈት፤

8 እቲ ጨረታ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ግዘ ንተከታታሊ 50 መዓልቲ ኮይኑ ሰዓራይ ዝኮነ መቅረባይ ዉዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዝተዉሃበ መዓልቲ ፅሬት ዘለዎ ንብረት ናብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ኣስገደ ፅምብላ ከተማ ዳባጎና ባዕሉ ኣጎዓዒዙ ኣታዊ ክገብር ዝክእል፤

8 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ፤

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0346-610255 ደዊልኩም ምሕታት ትክእሉ ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle